ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ
ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን

جبهة الانقاذ الوطني الارترية
مكتب الاعلام والثقافة

**Eritrean National Salvation Front**
**Information and Caltural office**

## ሃገራዊ ልዑላውነት ኤርትራ ዝህዲዱ ሰለስተ ሓደጋታት

ኣብ ዝሓለፈ ጊዜ፡ ሃገራዊ መሳርዕና ብሓባር ኣዋዲድና ኣንጻር ሓባራዊ እንኮ ጸላኢና ስርዓት ኢሳያስ ንምቕናዕ፡ ኣሰላልፋ ኤርትራዊ ሃገራዊ ሓልታት ዘነጽር ሓተታ ኣቕርብና ምንባርና ዝዝከር'ዩ። ብኡኡ መሰረት መልከዓት ኣወዳድባኦምን ስምያታቶምን ብዘየገድስ፡ ኣብ ኤርትራ ዲሞክራስያዊ ለውጢ ንምርግጋጽ ዓሊሞም ዝቃለሱ ሓይልታት ኩሎም ፈተውቲ ምዃኖምን፡ ተኸእሎታት ዲሞክራስያዊ ለውጢ ዝዓግት ስርዓት ሓደ ሰብኣይ ቀዳማይ ጸላኢ ምዃኑን ኣነጽርና።

ኣብ ናይ ሎሚ ሓተታና ድማ፡ ናይ ግዳም ጸላእቲ ምንጻር ኣዝዩ ኣገዳሲ'ዩ። ምኽንያቱ ናይ ግዳም ፈተውቲ ሓይልታት ኣብ ረብሓ ዲሞክራስያዊ ለውጢ ኤርትራ ንምስላፍ ምጽዓት ስለዘድልየና። ከም'ቲ ውሽጣዊ ደምበ ጸላኢን ፈተውትን እንከይተሓዋወሱ እንገብሮ ጥንቃቐ፡ ንዝኾነት ምስ ስርዓት ኢሳያስ ስምምዕ እትገብር ሃገር ኣብ ቀጽሪ ጸላኢ እንከይነሰልፍ ምእንቲ፡ ናይ ወጻኢ ደምበ ፈተውትን ጸላእትን እከይተሓዋወሱ ኣዝዩ ከቢድ ጥንቃቀን ፍሉይ ጥበብን ምግባር'ውን የድልየና። ናይ ደገ ጸላኢና ምስ ህልው መንግስቲ ኤርትራ ዝምድናን ስምምዓትን ዝገብር ዘይኮነስ፡ ንኤርትራዊ ሃገራዊ ልዑላውነትና ዝጻባእ ዝኾነ መንግስቲ፣ ወይ'ውን ሰልፊ'ዩ።

ኣብ ልዕሊ ሃገራዊ ልዑላውነት ኤርትራ ዘንጸላልዉ ሰለስተ ከበድቲ ሓደጋታት ኣሎዉ።

ቀዳማይ፡- ስርዓት ኢሳያስ ውሽጣዊ መሰረታዊ ሓደጋ ንሃገራዊ ልዑላውነት

ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ህልው ገዛኢ በይናውን ዘይሕጋውን ስርዓት ኢሳያስ ብሃገራዊ ቅዋም መሰረት ምንጪ ኩሉ ደረጃታት ስልጣን ሃገሩ ከይከውንን፡ ቅዋማዊ መሰሉን ጉቡኡን ከይጥቀምን ዝተዓፈነ'ዩ። ልዑላውነት ህዝቢን ሃገራዊ ልዑላውነትን ቀጥታዊ ኣካላዊ ዝምድና ስለዘሎዎም፡ ልዑላውነቱ ብቅዋም ዘየውሓሰን ብሕጊ ዘየረጋገጸን ህዝቢ ሃገራዊ ልዑላውነቱ ብንቕሓት ክለላኸል ኣይክእልን'ዩ። ከምኡ'ውን ናይ ህዝቢ ልዑላውነት ዘይብሉ ሃገር ብዝተፈላለየ ምኽንያታት እናሻዕ ሃገራዊ ልዑላውነቱ ዝተሃደደ፣ ወይ ዝተጓደለ'የ ዝኾውን።

ህልው ስርዓት ኢሳያስን መንግስቱን፡ ሃገራዊ ቅዋም ብዘውሒሶ ሕገ ሃገራዊ መረጸ መሰረት ብምግባር፡ ህዝቢ ኤርትራ ብሕግን ዲሞክራስያዊ ኣገባብን ሰናይ ርድየቱ በዓሉ ዝመረጾ መልክዕ ግዝኣትን መንግስትን ኣይኮነን። እዚ ህልው መንግስቲ ኤርትራ ኣብ ልዕሊ ህዝቢና ብስነ ሞጎት ሓይሊ ዝተጸዓነ ህዝባዊ ውክልና ዘይብሉ ኢደ ወነናዊ ኩውንነት'ዩ። ናይ ህዝቢና ምንጪ ስልጣን ዝመንዘዐ'ዩ። በዓሉ ምንጪ ኩሉ ዓይነትን ደረጃታትን ስልጣን ዝኾነ'ዩ። ንባዕሉ ኣብ ውሽጡ ኣብ ዝኾነ እዋን ሃገራዊ ልዑላውነት ዝህዲድ ረቛሒ ዝሓቖፈ'ዩ። ስለዝኾነ ካኣ፡ ናይ ህዝቢና ኩለ ዓይነት ዓቕሚታት ብኩሉ ዓይነት ዓፈናን ኲናትን ኣልምስካ፣ ኣጥምእካ፣ ኣጽምእካ፣ ደቁ ኣዘኽትምካን፡ ቤቱ ኣጸልምትካን ጅሆ ሒዝካ ከም ብሃንድበት ዝወርድ ባሕጓጊ ውሒጅ ኩሉ ቕጸላታት ኣፍራዪ ሕብረተ ሰብኣዊ ሓይልታት ካብ ሃገሩ ተጓሕጒሑ ናብ ስደት ክኸይድ ከድርኽ ጸኒሑን ኣሎን። ኣብ መጀመርታ ተስዓታት ዝሓለፈ ክፍለ ዘበን፡ ኢሳያስ “ …… <u>ኣብ'ዚ ሃገር'ዚ ዲሞክራሲ፣ ፖለቲካዊ ብዙሕነት ዝደሊ እንተልዩ፡ ኣብዚ ሃገር'ዚ ከምኡ ኣይትረክብን ኢኻ !!፣ ኪድ ኣብ ካልእካ ድለ'የ ዝብሎ</u>.....” ከምዝበለ ዝዝከር'ዩ። ኣብ ልዕሊ ህዝቢና ብመርሓ ደረጃ ኣበኩሩ ዝኣወጀ ፖሊሲ ዓፈናን፣ ኪድ ካልእ ሃገር ድለን (ምስጓግ) ዛጊት ይቕጽል ኣሎ። ኣብ ዝተፈላለዩ ጊዜታት ናይ ህዝቢና ተቓውሞ ኣብ ሰጥሒ ንምድያብ መሳልል ክሒዝ ክጅምር እንከሎ፡ ነቲ መሳልል ህዝባዊ ተቓውሞ ብዝተፈላለዩ ኣገባባትን መልክዓትን ሰቢሩ ናብ መሬት ወዲቑ ተሰባቢሩን ተበታትኑን ክተርፍ ምእንቲ፡ ኣብ ልዕሊ ጉረባብቲ ሃገራት ብኣርባዕተ መኣዚናት (የመን፣ ሱዳን፣ ጂቡቲ፣ ኢትዮጵያ) ተጻብኣታትን ኲናትን ክሰዲድ ጸንሑ'ዩ። በበይኖም ምስምሳት ብምፍጣር፡ ናይ ጎረባብቲ ሃገራት ልዑላውነት ብምግሃስ ውሽጣዊ ፖለቲካዊ ቅልውላዉ ንጊዜኡ ከንፍሶን ከበርዕኖን ጸኒሑ'ዩ። ናይ ቀርኒ ኣፍሪቃ ዞባዊ ሰላም ዘራጊ'ውን ኮይኑ'ዩ። ብስንኪኡ ድማ ሃገራዊ ልዑላውነት ኤርትራ ንሓደጋ ከሳጥሖ ጸኒሑ'ዩ። ብፍላይ ካኣ ኣብ ኲናት ኤርትሮ-ኢትዮጵያ። ስርዓት ኢሳያስ፡ ነቲ ኲናት'ቲ

ምክልኻል ሃገር ይብሎ ከምዘይነበረ፡ ካብ መዓልቲ ስምምዕ ኣልጀርስ ጅምሩ ክሳብ ሎሚ ከነኣኢሶ ብተደጋጋሚ ‘’<u>ትርጉም ዘይብሉ</u>’’ ይበሎ’ምበር፡ ኣብ ክልትኡ ኣሕዋት ህዝቢታት ኤርትራን ኢትዮጵያን ዝሓደነ ገዚፍ መዘዝን ተሃዊሲ በሰላን ዝፍዊስ ብክልቴኡ ወገናት ዝተወስደ ዕቱብ ስራሕ የሎን። ስርዓት ኢሳያስ ድሕሪ ኲናት ዶብ ጠጠው ምባሉ፡ ሓያል ዘመናዊ ሃገራዊ ሰራዊት ኣብ ክንዲ ዝሃንጽ፡ ኣብ ልዕሊ ልዑላውነት ኤርትራ ዝሓሰቦ ሕቡእ ውዲታት ግዲ ሃልይዎ ኮይኑ፡ ነቲ ሞያዊ ወተሃደራዊ ብቕዓትን ድልየትን ዘይቀሰመ ዝርካቡ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ብትካል ደረጃ ብሰላሕታ ንምፍራስ ለይቲን መዓልቲን ብዘይዕርፍቲ ክሰርሓሉ ጸኒሑን ኣሎን። በዚ ካኣ፡ ዝኾነ ግዳማዊ ወራሪ፣ ወይ ጎባጢ ሓይሊ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ በትሩ ከወጣዊጥ፣ ወይ ክድንድን ዝደፍእ ሸውሃት ዝኸፍተሉ ዕድል ፈጥሩ ይርከብ።

ናይ ኢትዮጵያ ህዝቢታት ወያናይ ዴሞክራስያዊ ግንባር (ኢህወደግ) ከም ገዛኢ ሰልፍን መንግስትን ኢትዮጵያ ንገዛእ ርእሱ ብውሽጣዊ መስርሕ ናብ ጸረ ዲሞክራስያዊ ክራይ ሰብሳቢ ደርቢ (ከም ኣበሃህላኡ) ተሰጋጊሩ፡ ንህዝቢ ኢትዮጵያ ከምቲ ልሙድ ከመሓድር ኣብ ዘይከኣለሉ ደረጃ በጺሑ። ከም ሳዕቤናቱ ፍኑውን ሓውሲ ውድብን ርትዓዊ ተቓውሞ ህዝቢ ኢትዮጵያ ንሰፊሕ ክፍልታት ኢትዮጵያ ኣዕለቕለቖ። ኣብ ፖለቲካዊ ዓውደ ኢትዮጵያ ካብ ኢህወደግ ወጻኢ፡ ለውጢ ንምምራሕ ዝተዳለወ ብቑዕ ፖለቲካዊ ሓይሊ ብዘይምጽናሑ፡ ኢህወደግ ብውሽጡን ደገን ተነዊጹ፡ ኣብ ውሽጡ ብዶክቶር ኣቢይ ኣሕመድ ዝተመርሐ ጽገናዊ ለውጢ ተከሰተ። ከም ውጽኢቱ ድማ ኣብ ውሽጢ ሃገር ዝተኣሰሩ እሱራት ፖለቲካን ሕልናን ኪፍትሑን፡ ኣብ ግዳም ብዝተፈላለየ ኣገባብ ክቃወሙ ዝጸንሑ ኢትዮጵያዊ ተቓውሞ ሓይልታት ናብ ዓዶም ኪምለሱን ጥጡሕ ዕደል ረኺቡ። ካብ’ቶም ናብ ዓዶም ዚተመልሱን ካብ ኣብያተ ማእሰርቲ ዚተፈትሑን ፖለቲካ ሓይልታት ኢትዮጵያ ብርክት ዝበሉ ስርዓት ኢሳያስ ጸረ ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ ዝድገፎም ዝነበሩ’ዮም። ስለ’ዚ ስርዓት ኢሳያስ ኣብ ውሽጢ ኢትዮጵያ ምስ ህልው መንግስቲ ጥራይ ዘይኮነስ፡ መጠኑ ዘይንዓቕ መሓዙት ፖለቲካ ሓይልታት ከፍሪን፡ መረበባት ሰለያ ክዝርግሕን ጥጡሕ ዕድል ረኺቡ። እዚ ለውጢ’ዚ ኣብ ውሽጢ ገዛኢ ሰልፊ ዝነበረ ኢህወደግ ዝቦቀለ ከም ምዃኑ መጠን፡ ናይ ገዛእ ርእሱ ፍሉይ ፍሉይነታትን ኣሰላልፋ ሓይልታትን ኣተሓሳስባን ኣሎዎ። ከምኡ ክንዲ ዝኾነ ንኢህወደግ ከምቲ ቀደም ዝነበሮ መልክዕ ኣወዳድባን ቀርጺ ኣተሓሳስባን ተሸኪምዎ ክኸይድ ኣይከኣለን።

ዶክቶር ኣቢይ ኣሕመድ ዝመረሖ ፈጻሚት ሽማግለ ኢህወደግ፡ ኢትዮጵያ ንስምምዕ ኣልጀርስን ብዪን ኮምሽን ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ሙሉእ ብሙሉእ ብዘይቅድመ ኲነት ከም እትቅበሎን ንተግባራውነቱ’ውን ቅርብቲ ምዃናን ብዕለት 5 ሰነ 2018 (28 ግንቦት 2010 ግእዝ) ብወግዒ ኣወጀ። እዚ ኣዋጅ’ዚዩ ድማ እምነ-ኩርናዕ ስምምዕ ሰላም ኤርትራን ኢትዮጵያን። ስለዝኾነ እቲ 9 ሓምለ 2019 ኣብ ኣስመራ ዝተፈረመ ስምምዕ ሰላም ኢትዮጵያን ኤርትራን ቀደም ተኸተል ኣሰራርዓ ነጥቢታቱ ብዘየገድስ፡ ብቐንዱ ኣብ ምምልካት ዶብ ዝተመስረተ’ዩ። ምኽንያቱ ኣብ ኢትዮጵያ ለውጢ ዝመረሐ ሓይሊ፡ ነዚ መግለጺ’ዚ እንተዘይእውጅ ኔሩ፡ ኣብ መንጎ ክልቴኡ ሃገራት ስምምዕ ሰላም ብርግጽ እምበይመተፈረመን ኔሩ። ምቅልጣፍ ምምልካት ዶብ፡ ወይ ምድንጓዩ ብርግጽ ብናይ ክልቴኣን፣ ወይ ብናይ ሓደኣን ውሽጣውን ግዳማውን ኲነታት ከም ዝጽለው ዝሰሓት ኣይኮነን። ግን ድማ፡ ብናይ ቅምን ሕነ ምፍዳይን ፖለቲካ ኣብ ኢትዮጵያ ህወሓት ዳግም ከይሰሪር ኢልካ፣ ወይ’ውን ኣብ ኤርትራ ዲሞክራስያዊ ለውጢ ንምትእጉጓል፣ ጉዳይ ምምልካት ዶብ ካብ መስርዕ ቀዳምነታት ምውንዛፍ ኣዝዩ ዓቢ ፖለቲካዊ ጌጋ’ዩ።

ኢሳያስ ኣፈወርቂ ብ 8 ለካቲት 2020 ምስ ዘቤታዊ መራኸቢ ማዕኬናት ኣሰልቻዊ ዘካየዶ ቃለ መሕትት ዘይሰመየ ኤርትራዊ ዳርጋ ኣይህልውን። ናይ’ዚ ቃለ ምሕተት ንጹር ኣዘራርባን ግልጺ ኣቀራርባን ጽዑቕ ሕምረቱ፡ “ ዝጠፈሸ ነዳይ ወያነ ” (ከም ኣበሃህላኡ)፡ ነቲ ኣብ ኢትዮጵያ ዘሎ ሓዲሽ ለውጢ ክቅልብሶ (ክቅይሮ) ይጽዕር ስለዘሎ፡ ጉዳይ ዶብ ንጎኒ ግድፍና፡ ናይ ወያነ ኢትንካዊ ስርዓት ዳግም እንከይምለስ ንዶክቶር ኣቢይ ኣሕመድ ቀዳማይ ሚኒስተር ኢትዮጵያ ብኩሉ ዓቕምታትና ኪንድጊፎ ኣሎና ዝበል’ዩ። እዚ ኣረኣእያ’ዚ ብዘየወላውል ቅሉዕ ኢድ ኣእታውነት ኣብ ውሽጣዊ ጉዳያት ኢትዮጵያ’ዩ። እዚ ኣተሓሳስባ’ዚ ኣብ ልዕሊ ክልቴኡ ኣሕዋት ህዝቢታት ኤርትራን ኢትዮጵያን ብሓፈሻ፡ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራን ሓው ህዝቢ ትግራይን ድማ ብፍላይ ከምብሓዲሽ ሕሉፍ ቁስሊ ዘራኽስን ጽልኢ ዝኩስኩስን ዕማም ዝተሸከመ ከቢድ ሓደጋ’ዩ። ስርዓት ኢሳያስ ነቶም ጸረ ወያነ ዚሕብሕቦም ዝነበረ ተቓውሞ ሓይልታት ኢትዮጵያ ለቒቑ፡ ያኢ!! ዶክቶር ኣቢይ ኣሕመድ ቀዳማይ ሚኒስተር ኢትዮጵያ ሒዙ ወያነ ክወቅዕ ኣብ ሓደገኛ ግንባር ተገቲሩ ይርከብ። ወቓዒ ሓያል ዓቕሚ ስለዘሎዎ ዘይኮነስ፡ ንሃገራዊ ልዑላውነት ኤርትራ ኣብ ሓዲሽ ሓደጋ ዘእቱ ሕቡእ ዕላማኡ ዘቀላጥፍ ሽርሓዊ ስልቲ’ዩ። እዚ መርዛም መርገጺን ኣሰላልፋን’ዚ ብርግጽ፡ ን” ለውጢ ኢትዮጵያ ” ኣዕሪዩ ዝጎድእን፡ እኩብ ድምር ታሪኻዊ ጽልኢታትን ግጭታትን ከለንትናዊ ቅልውላውን ኢትዮጵያ ዝያዳ ዘተሓላልኽን ዘጋድድን ግዳማዊ ረቛሒ ኣብ ርእሲ ምዃኑ፡ ቅድሚ ዝኣገረ ንዶክቶር ኣቢይ ኣሕመድ ቀዳማይ ሚኒስተር ኢትዮጵያ ካብ ሰፊሕ ክፍልታት ኢትዮጵያ ብምንጻል ቀዳማይ ግዳይ ክኸውን ዝገብር’ዩ። እዚ ካኣ፡ ዝገደደ እንከይመጸ ብኩሎም ደለይቲ ሰናይ ጉርብትና ክልቴኣን ኣሓት ሃገራት ኤርትራን

ኢትዮጵያን ዝኾኑ ኤርትራውያንን ኢትዮጵያውያንን እንተስ ብሓባር፡ እንተስ በበይኖም ክኹኑንዎን ክምከትዎን ዝግባእ'ዩ።

ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ኣብ ጥቅምቲ 2009 ኣብ ዘካየዶ ቀዳማይ ጉባኤኡ ብዛዕባ ወጻኢ ፖሊሲ መንግስቲ ኤርትራ ዝስዕብ ሚዛን ኣንብሩ ኔሩ፥- " ወጻኢ ፖሊሲ መንግስቲ ኢሳያስ ኣብ ልዕሊ ጎረባብቲ ሃገራት ዝኽተሎ ፖሊሲ ተጻብኦኣዊ'ዩ። ስለ ዝኾነ ኣብ'ዚ ከባቢ'ዚ ሓደ ካብቶም ቀንዲ ባእታታት ዕግርግር'ዩ። ዲፕሎማሲ መንግስቲ ኤርትራ ኣብ ተጻብኦኣዊ ፖሊሲ ምርኵስ ብምግባር፡ ናይ ነፍስ-ወከፍ ሃገር ውሽጣዊ ቅልውላውን፡ መንቀሊታቱን፡ ኣብ'ቲ ቅልውላው ቐጥታውን ዘይቐጥታውን ተዋሳእቲ ሓይልታትን፡ ኣሰላልፋ ደገኣዊ ጸለውቲ ሓይልታትን ብዕቱብ ስለያዊ ሓበረታት ምጽናዕ'ዩ። በዚ ካኣ ናይ ሓንቲ ሃገር ዝተፈላለዩ ጫፋት ቅልውላው ብምርዳእ፡ ናይ ነፍስ-ወከፍ ሃገር ድኹም ጎኒታት ብዝኸፈአ መልከዓት ይምዝምዝ'ዩ። ካብዚ ብምብጋስ ባእታታት ቅልውላውን ተዋሳእቱን ብምሓዝ ኣብ ውሽጣዊ ጉዳያተን ከም ኣገዳሲ ተዋሳኢ ባእታ ኮይኑ ይርከብ። ምስ ዝኾነት ጎረበት ሃገር፡ ኣብ ናይ ሓንቲ ሃገር ውሽጣዊ ጉዳይ ንምፍታሕ እንተ ተዋስኡ፡ ብዋጋኣ'ቲ ዝተፈትሐ ሽግር ንካልኦት ጫፋት ቅልውላው ብፍጹም ኣይለቅቒን'ዩ። እኳ ዳኣስ ኣብ ካልእ ቅልውላው ናይ'ታ ሃገር ብካልኦት ተዋሳእቲ ኣቢሉ ኣብኡ ዳግም ተዋሳኣይ ከም ዝኸውን'ዩ ዝገብር። ኣብ ሶማልን ሱዳንን ከምኡ'ዩ ክጥቐም ጸንሑን ዘሎን"። ጥቅሲ ተፈጸመ። ሎሚ ድማ ብደሕሪ ምፍራም ስምምዕ ሰላም ኤርትራን ኢትዮጵያን ኣብ ናይ ወጻኢ ፖሊሲኡ ንኡሽቶይ ለውጢ'ኳ እንከይገበረ፡ ነቲ ናይ ቀደም ፖሊሲኡ'ዩ ኣብ ጉዳይ ኢትዮጵያ ክደጊም ዝረአ ዘሎ። እዚ ካኣ ከም ብሓዲሽ ኣብ ልዕሊ ሃገራዊ ልዑላውነት ኤርትራ ጭቡጥ ህጹጽ ሓደጋ'ዩ።

ካልኣይ፥ ናይ መግዛእቲ ሕልና ዘሎዎም ተረፍ መረፍ ሓይልታት መግዛእቲ ኢትዮጵያ

ተረፍ መረፍ ሓይልታት ኢትዮጵያዊ መግዛእቲ፡ ናይ ህዝቢ ኤርትራ መስል ሃገራዊ ናጽነትን ልዑውነትን ዘይኣምኑን፡ ካብ'ቲ ኣስፋሕፋሕን ጎባጥን መልሓቕን ስሩጽ መግዛእታዊ ሕልናኦም ዛጊት ዘይተላቀቑን'ዮም። ናጽነት ኤርትራ ካብ ዝተረጋግጸሉን ዝተኣወጀሉን መዓልቲ ጀምሮም፡ ሓዲሽ ታሪኻዊ ልዑላዊ ኩውንነት ኤርትራ ምቅባል ከቢዱዎም። ተገዲዶም እንተዘይኮይኖም ብወለንታኦም ኣብ መንጎ ክልቴአን ኣሓት ሃገራት ኤርትራን ኢትዮጵያን ሓዲሽ ታሪኻዊ ምዕራፍ ሕውነታዊ ካእባዊ ዝምድና ንምህናጽ ቁሩብነትን ርድየትን ዛጊት የብሎምን። ናይ'ዚኣቶም ጭቡጥ ድልየት'ምበኣር እንተሓይሎም ንመላእ ኤርትራ ብሓይሊ ብምጕባጥ ማያዊ ዶብ ኤርትራ ምቁጽጻር፣ እንተ ሰኒፎም ድማ ብኣህጉራዊ ጸቕጢታት ኣቢሎም ወደብ ዓሰብ ናብ ግዝኣት ኢትዮጵያ ምሕዋስ'ዩ። እዞም ሓይልታት'ዚኣቶም ጸረ ሰላም ክልቴኡ ህዝቢታት'ዮም። ካብኡ ናብኡ ድማ ብዕጽፊ ታሪኻዊ ጻላእቲ ህዝቢ ኤርትራ'ዮም። ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ኣብ ዓውደ ፖለቲካ ኢትዮጵያ ኪዋሱኡ ይረአዩ'ዮም። ብዝኾነ ሽነኽ ኣህጉራዊ ዶብ ናብ ኤርትራ ሓደ እግሮም ክስሳብ እንከየስገሩ ኣብ ውሽጢ ዓዶም ድላዮም ይበሉ። ህዝቢ ኤርትራ ክህመለሎም የብሉን ጥራይ። ኣብ ዝኾነ እዋን ወሳኒ ስልጣን ኣብ ዝሒዙሉ ጊዜ ናይ ጎበጣ ዕላማኦም ንምፍጻም፡ ምብትታን ህዝቢ ኤርትራን፡ ምድኻም ስርዓትን ተቓውሞ ውድባትን ኤርትራን፡ ከም ኣዝዩ ጽቡቕ ዕድል ጌሮም'ዮም ዝርእዩዎ። ኣብ ቅድሚኦም ህዝብና፣ ስርዓትን ተቓወምቲ ውድባትን ኤርትራ ሓደ'ዮም። ኣብ ዝኾነ እዋን፡ ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን ምኽንያት፡ ካብ ወጻኢ ናብ ኤርትራ ዘቕንዕ ወራሪ ሓይሊ፣ ወይ ጎባጢ ካብ ማእከል ኢትዮጵያ'ዩ ዝብገስ። ኣዚኣቶም ሓደገኛታት'ዮም። ህዝቢ ኤርትራ ኣየገድሶምን'ዩ። ንሳቶም ዚሃርፉዎ ጥሙሕ ኢትዮጵያ ናይ ኤርትራ ማያዊ ዶብ ምቁጽጻርን ምጕባጥን ጥራይ'ዩ። ስርዓት ኢሳያስ ብቐጥታ ይኹን ብተዘዋዋሪ መንገዲ፡ ነዞም ሓይልታት ተረፍ መረፍ መግዛእቲ ምቹእ ዕድል ይፈጥረሎም ኣሎ።

ሳልሳይ፥- ትሩፍነት

ኤርትራ ብስንኪ ሓደገኛ ጂኦፖለቲካዊ ኣቀማምጣኣ፡ እናሻዕ ግዳይ ዝተሓላለኸ ተጻራሪ ረብሓታትን ግርጭታትን ኣህጉራዊ ሓይልታት ክትከውን ጸኒሓ'ያ። እዚ ኣብ ቀይሕ ባሕሪ ኣብ በበይኑ እዋናት መልክዑ እንቀያየረ ዝስለፍን ዝውደብን ስትራተጂካዊ ተጻራሪ ረብሓታትን ግርጭታትን ኣህጉራዊ ሓይልታት ብድሩት ዓቕሚ ህዝቢ ኤርትራ ክምከት ዝከኣል ኣይኮነን። እዚ ግርጭትን ረብሓታትን'ኮ'ዩ፡ ኣብ ሓምሳታት ዝሓለፈ ክፍለ ዘበን ንኤርትራ ኣብ ትሕቲ መስፍናዊት ኢትዮጵያ ክትቁረን ዝገበረ። ኣህጉራዊ ተጻብኦታት ኣብ ልዕሊ ኤርትራ፡ ናይ ሓምሳታት ውዲታት ምድጋም ተኽእሎ እነርሕቖ'ኳ እንተኾነ፡ ኣብ ቀይሕ ባሕሪ ቀንዲ ተዋሳእቲ ዞባውን ኣህጉራውን ተጻራሪ ረብሓታት ዝውኪሉ ተገራጨውቲ ኣህጉራዊ ሓይልታት፡ ናይ ቀረባን ርሑቕን ረብሓታቶም ንምሕላው፡ ካብ ውሽጢ ይኹን ግዳም ብዘይገድስ፡ ብሕጂ ዝርዝር ዝሒዙዎ ቅርጽን ዘልዕልዎ ጭርሖን ዚኣምኑሉ ዕላማን እንኪንእምቶ ዘጸግም፡ ሃገራዊ፣ ዞባውን ኣህጉራውን ሰላም ዝዝርጉ ጥሩፋት

ሓይልታት ከስግሩን ከሰጋግሩን ይኽእሉ'ዮም። እዚ ከባቢ ምብራቕ ኣፍሪቃ፡ ጥሩፍነት ዝሓቑፍን ዘጠጥዕን ዱኽዒ ድሑር ማሕበረ ባህላዊ ሕብረተ ሰብ ኣሎዎ። ጥሩፍነት ንናይ ሓደ ሃገር ህዝቢ ኣብ ሕድሕዱ

ብቑልቁል ዘተፋንን፣ ማእከላይ መንግስቲ ምህናጽ ዝዕንቅፍን፡ ኣህጉራዊ ዶባት ሃገራት ምስራዝ ዝሕልንን፡ ሕንፍሽፍሽ ስለዝፈጥር ኣዝዩ ሓደገኛ'ዩ። ስለ'ዚ ንህዝቢ ኣብ ሕድሕዱ ብጽልኢ ዘተፋንን፣ ምስረታ ማእከላይ መንግስቲ ዝዕንቅፍን ኣህጉራዊ ዶባት ሃገራት ክሓዋዊስ ዝህቅንን ጥርፉነት፡ ንኤርትራዊ ሃገራዊ ልዑላውነት ቀጥታዊ ሓደጋ'ዩ።

ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ

21 ለካቲት 2020